# ትሕቲ 12 ዝዕድሚኦም ቈልዑ እውን ኣብ ዶብ ክምርመሩ ኣለዎም

ትሕቲ 12 ዝዕድሚኦም ቈልዑ እውን ኣብ ዶብ ክምርመሩ ኣለዎም ዝብል መንግስቲ ወሲኑ ኣሎ። እዚ ለውጢ እዚ ዝተኣታተወሉ ዘሎ ምኽንያት ድማ እዞም ሓደስቲ ዓይነታት ቫይረሳት ብዝያዳ ተለባዕቲ ስለዝኾኑ ኢዮም፡ ወላ እቲ ልቡዕ ቈልዓ ክነሱ ኢዩ።

- ቈልዑ ክምርመሩ እንከለው ከም ዝከኣል መጠን ክምችኦም ኣገዳሲ ኢዩ፡ መደበራት መርመራ ንቈልዑ ኣብ ዝምርምራሉ ብውሕሉልን ምቹኡን ኣገባብ ንክምርምራ ምኽርን መምርሕን ክወሃበን ከም ምኳኑ ሚንስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ ብወገኑ ይሕብር።

ኣብቲ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ዝሃቡና ምኽሪ ከም ዘስመሩሉ ኣብ ኣመራምራ ቈልዑ ሕጂ ብዝያዳ ብውሕሉል ኣገባብ ክካየድ ከም ምኳኑ ኢዩ፡ ኣብ ውሽጢ ኣፍንጫ ከይተኣትወ ኣብ ቅድሚት ክፋል ኣፍንጨኦም ክካየድ ከም ምኳኑን'ዩ። እቶም ብሰንኪ ኩነታት ስድራቤቶም ዶብ ቀጻሊ ዝሰጋገሩ ቈልዑ ንኸይውሸቡ ሕድገት ተዋሂብዎም ኣሎ። ብመሰረት ኣረዳድኣ ናይዞም ኣብያተ ጽሕፈታት ከኣ ኩሎም ቈልዑ ክምርመሩ ከም ምኳኖም ኢዩ። ሓደ ቈልዓ ብምዕግርጋር ክምርመር ኣይደልን እየ ኢሉ ምስ ዝኣቢ ድማ ንክምርመር ኣይግደድን።

እዚ ለውጢ እዚ ካብ ሰኑይ ዕለት 19. ምያዝያ ሰዓት 00.00 ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ይውዕል።